ካብ ዉሽጡ ሑሩር ንተጋሩ መልሲ
እንታይ ክትደግሙና ያኣክል ሎሚሲ፣

ሕጂ ዓቕሊ ኣበት ተጋሩ
ናብ ኤርትራ ክትድመሩ
ተጋሩ
ኤርትራዊ ብኣሉላ ቂሒሩ
ምስ ራእሲ ተሰማ ዝመኸሩ
ተጋሩ
ተገምጢሎም ክጭመሩ
ኢትዮጵያ ኢና ኢሎም ዝነደሩ
ተጋሩ
ምስ ገለ ደቂ ሃገር ኣንድነት ዝዘመሩ
ምስ ግንባር ብውዲት ሑቖና ዝሰበሩ፣

ንሕና ኤርትራዊያን
ዓዲ ቁርኣንን ዳዊትን
ዓዲ ጅምዓን ኣለምን
ዓዲ ሲዒድን ኪዳነን
ንቅንፍዝን መፍለስን
ንዓዲ ተናን ባድመን
እንቢ ሪምና ኣይንህብን፣

ተጋሩ ሕጂ ዓቕሊ ኣበት
ኢትዮጵያ ምስ ከረበት
ኣቢይ ምስ ኢሱ ኣንድነት
ተጋሩ
ምስ ኤርትራዊያን ሐድነት
ኣይፋል ሕጂስ ዘበት
ምክብባር ደኣ ከም ጎረቤት፣

ብተደጋጋሚ ኮንፈረንስ ህዋሐት ወሲኑ ዩ
ወይ ምክብባር ወይ ድማ ምብትታን ኢሉዩ
ንተቕውሞ ደንበ ንዓመታት ከምዘይ ጎዛዘዩ
በቲ ሐደ ዘይሜሬትኩም ንባድመ ትምነዩ
በቲ ሐደ ድማ ዓቕሊ ጽበት ሕውነት ትደልዩ
ህዝቢ ኤርትራ ሎምስ ውዲትኩም በሪሁሉዮ፣

ያኣክል ንብዓት ሐርገጽ ምንባዕ
ካብ ውዲት ነጻ ክትኮኑ ንጽውዕ
ከም ጎረቤት ብጉሉጽ ብስምምዕ
ብስኒት ክንጥቀመሉ ንዓሰብ ንባጽዕ፣

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ« ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑሩር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።